# ኣንታ ባዓል ሃገር
20.01.2018
ብበላይ መስፍን

ኣንታ ባዓል ሃገር ወዲ ዓዲ
ንዓ ንርከብ ዝሓይሽ መገዲ
ህዝብና ዝደልዮ ክምለስ ንዓዲ

ጸላኢና ክንምለስ ዘይደሊ
ንሃገርና ክውንን ብዕሊ
ንሕና ካኣ ኣብ ስደት ክንበሊ

ልበይን ልብኻን ኣራኽቦ
ጸላኢና ኣይኮነን ክንዲ ጎቦ
ንሕና ጥራይ ንግበር ኣላዝቦ

ክንዲ ጎቦስ ከይዱ'ዩ ንዓዱ
ገዲፉልና እንዶሞ ንውላዱ
ሓለውቲ'ውን ገዲፉሉ ከይዱ

ጸላእትና ኢዶም ኣይስኣኑ
ህዝቢ ተቐሲቡ ክነብር ደኒኑ
ሃገር ኮይና ዘይብላ ደያኑ

ተቐረብ መንእሰይ ኣይትዓሹ
ጂግና ሓሊፉ'ዩ ንኣኻ ኣውሪሹ
ብሕጊ ሕተቶ ሃገር ዘባላሹ

ሕጊ ታዓጠቕ ሎሚ ኣይከምቀደምን
ኣረጊት ባህሊ'ዩ ሰብ ኣይቃታተልን
እዋኑ ሓሊፉ ኢዩ ቶኽስን ኣታሃዳንን

ተላዓል መንእሰይ ታቱላ ህረሞ
ሆ-ኢልካ ኢኻ ንጽሉል ተህድሞ
ስግር ከይዱ ይድለ ናቱ ህድሞ

ክንደሻዕ ኣሎ ትም ተውሻሓዮ
ኣይትኮርመ ኣብ ዘዘለኻዮ
ብእዋኑ ካብ ሃገርካ ኣውጻዮ

ህዝብኻ ጨሪሱ ፋሕ ከይበለ
ኣኻኽቦ ኣድራሽኡ ድለ
ከይጠፍኣካ ኣበይ ከምዘበለ

ከይጠፍአ መንእሰይ ዘርሞዘርሞ
ንዘሎ ኩነታት ቀልጢፍካ ኣርሞ
ዝተረፈ ኩሉ ታኣኪቡ ይዕመሞ

ከይትኸውን ሃገር ዘይነበረት
ክንደይ ባሃራት ከም ዘይቀበረት
ኩላ ትጠፍእ ኣላ እንዳበረረት

ንው ሕስብ ነብል ብኽብድ ዘበለ
ዓለም ይኽይድ'ዩ ዘሎ እንዳማዕበለ
ንለውጢ ዝዓግት የለን ዘበለእንተበለ

ጎዲኡና ዘሎ ውሒዱ ኣፍልጠና
ብራዕዲ ዝኣክል ጥበብ ጎዲሉና
እክብ ኢልና ንበል ውረደልና

ሎሚ ካብ ዓማጺ ኣይትፍርሁ
ኩሉሻዕ የለን ዝጸንሕ ብገርሁ
ሕሉፍ ሽጣራታት ኩሉ'ዩ በሪሁ

ኣይንሰከፍ ንው ንታኣከብ
ኣነ ኣነ ኣይርከቦን መኽሰብ
ዓድና ክነብራ ከም ኩሉ ሰብ

ሃገርና ክትከውን ሰላም ዝሰፈና
ብህድኣት ክንነብር ኣብ ዓድና
ሽግር ተወዲኡ ክንቀስን ኩልና ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነዚ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና